ብምኽንያት
መዓልቲ ሰብ-ሓዳር
21 ሰነ 2015
ዝተዳለወ

# ጋማ

ናይ መውስቦ ግሪኻዊ መበቆል ቃል፣ “ጋመዮ” ዝብል ቃል’ዩ። “ጋመዮ” ማለት ድማ፣ ክፈላለ ዘይክእል ፍጹም ውህደት፣ ሓደው ፈጺምካ ሓደ ምዃን ማለት እዩ።

**ርሑስ ጋማ!**

# ምስጢረ ሰብ-ሓዳር፣ ሓደ ይኾኑ፣ ክልተ ይኾኑ

"ክልቲኦም ሓደ ስጋ ይኾኑ" ዝብል ምህሮ ቃል ኪዳን ኣብ ልብና ሓዲሩ'ዩ። ኣተሓሳስባ ሰብኣይን ሰበይትን በበይኑ ምዃኑ ግን ከኣ፣ ሓዳር ዝገበረ ዘበለ ዘይክሕዶ ሓቂ'ዩ። ጆን ግረይ ዝብልዎ ኣመሪካዊ ደራስን ኣማኻርን፣ “Men Are from Mars, Women Are from Venus” ኢሉ፣ ካን ሰብኣይን ሰበይትን ካብ በበይኑ ኣድማስ ዝመጹ'ዮም ክሳዕ ብምባል፣ ነቲ ናይ ባህርይ ፍልልያት ከረድእ ጻዓረ። ደሓን ትእቶ ጋዜጠኛ ጽገሃና ገብረገርግሽ ከኣ ነታ መጽሓፍ ናብ ትግርኛ ተርጒማ ናብ ህዝቢ ዘርግሓታ። ነታ ቓንዳ እንተዘየንበብኩምሲ ምናልባሽ ነታ ትርጉም ኣንቢብኩማ ክትኮኑ ከምእትኽእሉ ስለዝተተስፈኹ'የ ዝጠቕሳ ዘለኹ። ዶክተር ማይልስ ሙንሮ ዝብልዎም ፍሉጥ ኣማኽርን ደራስን ዝነበሩ ኸኣ "ፍልልያትና ንቀበል" ብምባል ኣብታ ናይ ሰብ-ሓዳር እትምልከት መጽሓፎም “15 ፍልልያት ጾታ" ዝብል ጽሒፎም ነበሩ። ካብኡ ተወሲዱ ናብ ትግርኛ ብምርዓም ዝተተርጐመ ጽሑፍ እንሆልኩም፣ ሰናይ ንባብ፣-

## ትሕዝቶ

### ፍልልያትና ንቀበል፣ 15 ፍልልያት ጾታ

ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ፣ 'ልቢ' ንስምዒታዊ ኩነት፣ 'ርእሲ' ድማ ንስነ-ሞገታዊ ኩነት ወኪሎም ቀሪቦም ኣለው። ስምዒታዊ ምዃን ማለት ኣዕሚቝካ ከይሓሰብካ፣ ስምዒትካ ከምዘለዎ ከተንጸባርቐ ከለኻ ማለት ክኸውን ከሎ፣ ስነ ሞገታዊ ምዃን ማለት ግን ኣዕሚቕካን ኣገናዚብካን፣ ስምዒትካ ክትገልጽ ምኽኣል ማለት'ዩ። ዶክተር ማይልስ ሙንሮ ከምዝብልዎ፣ ሰብኣይን ሰበይትን መሰረታዊ ናይ ባህርይ ፍልልይ ኣለዎም። ምናልባሽ ምስ ኩሉ እቲ ዶክተር ማይልስ ዝብልዎ ዘይክንሰማማዕ ንኽእል ንኸውን ኢና። ንዝህልወና መረዳእታን ኣስተብህሎን ከነዕሙቑ ግን ይሕግዘና'ዩ ብዝብል እምነት ነቕርቦ ኣለና'ሞ፣ እንሆ በረከት!

ነዘን ዝስዕባ 15 ሕቶታት፣ እቲ ዝመስለኩም ቅኑዕ መልሲ ብምምራጽ እምበኣር ጀምሩ-

## ቅድሚ ምንባብኩም ፈትኑ

ካብ ሰብኣይን ሰበይትን መኖም'ዩ ዝያዳ፣-

1. ብስነ ሞጐት ዘይኮነስ፣ ዘኽፍእን ዘጸብቕን እናበለ ዝሓስብ
   ሀ. ሰበይቲ ለ. ሰብኣይ
2. ቀንዲ ዛዕባ፣ ወይ ናይቲ ጉዳይ ርእሰ ነገር እምበር ዝርዝር ትሕዝቶ ዘይዝክር
   ሀ. ሰብኣይ ለ. ሰበይቲ
3. ዝተባህሎ ይኹን ዝበሎ ዘይርስዕ
   ሀ. ሰበይቲ ለ. ሰብኣይ
4. ዝርዝር ሓበሬታዊ ጸብጻብ ክሰምዕ ዝደሊ
   ሀ. ሰበይቲ ለ. ሰብኣይ
5. ምስ ካልኦት ቀልጢፉ ዝሕወስ
   ሀ. ሰበይቲ ለ. ሰብኣይ
6. ዝያዳ ሓሳቡ ዝለዋውጥ
   ሀ. ሰበይቲ ለ. ሰብኣይ
7. ብኹሉ ነገር፣ ገዛእ ርእሱ ዝነቅፍ
   ሀ. ሰበይቲ ለ. ሰብኣይ
8. ንክብሪ ስራሕ ምስ መንነቱ ዘተኣሳስሮ
   ሀ. ሰብኣይ ለ. ሰበይቲ
9. ከም ኮምፑተር ክምሰል ዝኽእል ኣእምሮ ዘለዎ
   ሀ. ሰበይቲ ለ. ሰብኣይ
10. ኣብ መንፈሳዊ ነገራት ኣብ ሸቶ ዘድህብ
    ሀ. ሰብኣይ ለ. ሰበይቲ
11. ኣብ ዓይነታዊ ነገራት ኣብ ሸቶ ዘድህብ
    ሀ. ሰበይቲ ለ. ሰብኣይ
12. ምእማት እምበር ምድርጓሕ ዘይፈቱ
    ሀ. ሰብኣይ ለ. ሰበይቲ
13. ንዘረባ ምስ ህይወቱ ዘተኣሳስሮ
    ሀ. ሰበይቲ ለ. ሰብኣይ
14. ንዘረባ "ከምዚ ማለት'ዩ" እናበለ ብምትንታን ዘኰማስዕ
    ሀ. ሰበይቲ ለ. ሰብኣይ
15. ኣብ ጽምኢ ፍቕሪ፣ ከም እራብ ክንምስሎ ንኽእል
    ሀ. ሰበይቲ ለ. ሰብኣይ

**15 ፍልልያት ጾታ**

መውስቦ ኣብ ኵሉ ክቡር፣ እቲ መደቀሲ ኣሚን ከኣ ዘይረኽሰ ይኹን። ዕብ 13፣4

ብርዒ ቀሺ ዮናስ ወልደሩፋኤል

## 1 ምሕሳብ

**"ሰብኣይ ብርእሱ፣ ሰበይቲ ድማ ብልባ ትሓስብ"** ዝብል ብሂል ናትና ብሂል ጌርና ክንወስዶ ይግባእ። ብርእሲ ምሕሳብ ማለት፣ ሓደ ተደመሮ ሓደ ይኸውን ክልተ ኢልካ ድምዱም መልሲ ምሃብ ማለት እዩ። እቲ "ክልተ" ዝብል ዝተረኸበ ውጽኢት፡ ናይ ሓደን ሓደን ድምር ምዃኑ ድማ ኣነጺርካ ክትርዳእ ምኽኣል ማለት ከኣ'ዩ። ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ ኣተሓሳስባ ሰብኡት ነዚ'ዩ ዝመስል። ደቀንስትዮ ግን ሓደ ተደመሮ ሓደ ኢለን ዘይኮና፡ "ኣየናይ የኽፍእ፣ ኣየናይ ከ የጸብቕ" ወዘተ ብዝብል ሓሳብ'የን ዝምርሓ። ነዚ ዝተፈላለየ ኣተሓሳስባታት ኣወዳዲርካ፡ እቲ ናይ ሰብኣይ ይሓይሽ፡ ኣይፋሉን እቲ ናይ ሰበይቲ'ባ ክበሃል ዝከኣል ኣይኮነን። ክልቲኡ ዝተፈለየ ኣተሓሳስባ ምዃኑ ጥራይ ግን ክነስተብህለሉ የድሊ።

ዮሃንስን ሳራን ኣብ ሳሎን ኮፍ ኢሎም ኣለዉ ንበል። ሳራ ንኣቀማምጣ ሳሎኖም ቀያይራ ኣብ ቅድሚ እታ ንገዛኦም እተዝሕል ማሽን ከኣ ሓንቲ መንበር ኣቐሚጣ ኣላ ኢልና ንሕሰብ። ሳራ ስለምንታይ ከምኡ ከምዝገበረት፣ ናታ መረዳእታን ኣተሓሳስባን ኣለዋ። እታ መንበር ኣብኣ እንተኾነት'ያ ነታ ገዛ ግርማ እትህባ። ስራሕ ዝወዓለ ዮሃንስ ግን ብዛዕባ ኣቀማምጣ እቲ መንበር፣ ካልእ ናይ ባዕሉ ኣተሓሳስባን መረዳእታን'ዩ ዝህልዎ። ዮሃንስ ብዛዕባ የኽፍእን የጸብቕን ዘይኮነ፣ እታ መንበር ነታ መዝሓሊት ከልኪላታ ከምዘላ ጥራይ'ዩ ዝሓስብ።

ብርእሲ ምሕሳብ ማለት፡ ብኻልእ ኣዘራርባ ስነ-መጐታዊ ክትከውን ምኽኣል ማለት'ዩ። ስነ-መጐታዊ ምዃን ጽቡቕ'ኳ እንተኾነ፡ ዘኽፍእን ዘጸብቕን ከይፈለጥካ ብስነ-መጐት ጥራይ ክትምራሕ ግን ከኣ ኣጸጋሚ ምዃኑ ድማ ዘዛርብ የብሉን። ብስነ-መጐት ጥራይ እንተንሓስብ፡ ድንጋጸ፡ ርህራሀ፡ ጥበብ፡ ወዘተ ዝበሃሉ ክህልዉ ኣይምኸኣሉን። ስነ-መጐት ዘይብሉ፡ "እዚ የኽፍእ፡ እዚ የጸብቕ" ጥራይ ብምባል ክንውስን እንተንብል ድማ፣ ማዕሪኡ ኣጸጋሚ ምኾነ። ስለዚ እምበኣር ክልቲኦም ኣተሓሳስባታት ተመላላእቲ ኮይኖም'ዮም ነዛ ዓለም ትርጉምን መቐረትን ከምዝህልዋ ዝገብሩ ዘለው ማለት'ዩ። ኣቤት ውህደት፣ ርኢኹም ዶ እቲ ጥበብ ኣምላኽ!

## 2 ምዝራብ

**ሰብኣይ ካብ ርእሱ፡ ሰበይቲ ድማ ካብ ልባ'ያ ትዛረብ።** ካብ ርእሲ ምዝራብ ንስነ-ሞጐት፣ ካብ ልቢ ምዝራብ ድማ ንስምዒት ይውክል። ስነ ሞጐት ኣብ ጭብጥን ክውንነትን ዝምርኰስ ክኸውን ከሎ፣ ስምዒት ግን ግንፉል ሓሳባት ጥራይ'ዩ። ዮሃንስ ካብ ስራሕ ምስ ተፈደሰ፡ ሰዓት 5፡00 ድሕሪ ቐትሪ መኪና ሒዙ ክመጽእ ምዃኑ ንሳራ ኣተስፍይዋ'ሎ ኢልና እስከ ንሕሰብ። ኣጋጣሚ ኮይኑ ስለዘይሰለጦ ግን ኣብ ክንዲ ሰዓት 5: 00፣ ሰዓት 6፡00 ይመጽእ'ሞ፡ "ብምድንጓየይ ይቕረታ ግበርለይ!" እናበለ ኸኣ ንሳራ ሰላም ይብላ። ዮሃንስ ብሓቂ ከምዝደንጎየ ስለዝተረድኦ'ዩ ይቕረታ ዝሓተተ ዘሎ። ካብኡ ንላዕሊ ክገልጸሉ ዝኽእል ስምዒት ከኣ የብሉን። ካን ኣኺልዋ እታ ዓቕሙ ንሳ'ያ። ጉድለቱ፣ ምድንጓዩ ምዃኑ፡ ስለዚ ድማ ይቕረታ ምሕታቱ ኣጸቢቑ ተረዲኡ'ሎ። ብወገን ዮሃንስ እምበኣር ድሕሪ "ይቕረታ" ነገር ኣብቂዑ'ዩ። ሳራ ግን ኣብ ክንዲ ብቕድሚት ምስኡ ኮፍ ትብል፡ ኣብቲ ናይ ድሕሪት ከፊታ ትኣቱ'ሞ ኮርፈፍ ኢላ ኸኣ መገዶም ይቕጽሉ። ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ፣ ገለ እንተተሃዳድኣት ኢሉ ብምትስፋው፣ "ኣብ ሓደ ጽቡቕ ቤት መግቢ ክንከይድ ሓሲበ ኣለኹ'ሞ፡ ኣብኡ ዶ ክንድረር?" ብምባል ይሓታ፡ "ንገዛ ጥራይ ንኺድ፡ ደገ ክኸይድ ኣይደልን'የ" ትብሎ። "እንታይ'ዩ እቲ ጸገም?" ኢሉ ይሓትት። "ጸገም ዝበሃል የለን" ትምልሰሉ ሳራ፡ እናንጸርጸረት። ቁሩብ ጽንሕ ኢሉ ድማ፡ "በሊ ካብዛ ድኳን ፊዮሪ ገዚአ ክመጽእ" ይብላ'ሞ፡ "ንመን ክኾነካ ኢኻ ክትገዝእ? ተፍቅረኒ እንተትኸውን ደኣ ንምንታይ ሰዓት ምሉእ ኣብዚ ገቲርካኒ? ብምባል ትምልሰሉ።

ሳራ ስምዒታ ክትገልጽ ስለዘለዋ'ያ ክትዛረብ ትደሊ ዘላ። ዮሃንስ እምበኣር ንቓላት ናይታ ስምዒታ ትገልጽ ዘላ ሳራ፣ ሓደ ብሓደ ክመምዮ ኣይግብኦን'ዩ። ዝሓረቐ ሰብ፣ ዘይደልዮም ቃላት ካብ ኣፉ ክሞልቅዎ ይኽእሉ'ዮም። ስለዚ ዮሃንስ ንሳራ ክርድኣ ኣለዎ፥ ሳራ ድማ ንዮሃንስ ክትርድኦ ኣለዋ። ከምቲ ናታ ጌሩ ስምዒቱ ብነዊሕ ዘረባ ዘርዚሩ ክረድኣ፣ ክትጽበዮ የብላን። ንሱ እቲ ኣብ ሓሳቡ ዝነበረ በተን ዝተዛረበን ሒደት ቃላት ገሊጹ'ዩ። ኣንስቲ ግን መብዝሕትኡ ግዜ ስምዒተን ንምግላጽ ብዙሕ ቃላት'የን ዝጥቀማ። ዝኾነ ኮይኑ ግን፡ ሰብኣይን ሰበይትን ፍልልያቶም ኣስተውዒሎም ንሓድሕዶም ክረዳድኡን ክጻዋወሩን ግቡእ'ዩ።

## 3 ምስማዕ

**ሰብኣይ ብርእሱ፡ ሰበይቲ ግና ብልባ'ያ እትሰምዕ።** ሰበይቲ፣ ስምዒታ ንምግላጽ ኢላ ዝተዛረበቶ ኩሉ ቃላት፡ ሰብኣይ ከም ተራ ሓበሬታ ደኣ ይሰምዖ እምበር፡ ደጋጊሙ ኣይኮማስዖን'ዩ። ሰብኣይ ዝተዛረቦ ዘረባ ግን ዋላ ብዘይምስትውዓል ዝበሎ ይኹን፡ ሰበይቲ ብምሉእ ስምዒት'ያ እተስተማቕሮ። በዚ ኸምዚ ከመይ ብቐሊሉ ዘይምስምማዕ ኪጋጥም ከምዝኽእል እምበኣር ነስተብህል። ዮሃንስ ንሳራ ኣብ ደገ ንደረር ምስበላ፡ እቲ "ንገዛ ጥራይ ንኺድ" ዝብል መልሲ ሳራ፡ ንዮሃንስ ተራ ሓበሬታ'ዩ። ክትከይድ ኣይደለየትን ብዝብል ጥራይ ድማ'ዩ ዝርድኦ። ሳራ ግን ብስምዒት ዝተዛረበቶ ስለዝኾነ፡ ገና ኣብ ሓሳባ "ኣሕሪቕካኒ ኢኻ፡ ሰዓት ምሉእ ኣብዚ ሰጢሕካኒ ውዒልካስ ሕጂ ድማ ገለ ነገር ከምዘይበደልካ ኮንካ ኣብ ደገ ንደረር ንምባል ትደፍር ኣለኻ" ዝብል መልእኽቲ ዝሓዘለ'ያ እተሕልፍ ዘላ።
ዮሃንስ ነቲ ዝሰምዖ ጥራይ ስለዝርዳእ፡ ንውሽጣዊ ስምዒታ ክፈልጠላ ኣይክእልን'ዩ። ንሳ ግና ብኣንጻሩ ነቲ ንሱ ብቕንዕና ዘቕረበላ ሓሳብ፡ ብስምዒት ስለእተኮማስዮ፡ ከምዘይተገደሰን፡ እዚ ዝበሎ ዘሎ ምኽኒት እኹል ከምዘይኮነን ጌራ ብኻልእ'ያ ትርድኦ። ምስማዕን ምርዳእን ይፈላለ'ዩ፥ ስለዚ ኸኣ ሰማዕቲ፣ ከምቲ ንሕና ንዛረቦ ጌሮም ንቓላትና ይርድእዎ'ዮም ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ሰብኡት ክርድእዎ ዘለዎም ነገር፡ ኩሉ እቲ ካብ ኣፎም ዝወጽእ ቃል፡ ኣንስቶም ብዕምቈት ብስምዒት ከምዝርድኦኦ'ዩ። ኣንስቲ ክርድእኦ ዘለወን ነገር ድማ፡ ሰብኡተን ንኹሉ ዘረባኦን፡ ከምቲ ዘለዎ ተራ ሓበሬታ እምበር "ከምዚ ማለታ'ኳ'ዩ" እናበሉ ከምዘይትንትንዎ ከስተውዕላ ይግባእ ማለት'ዩ።

### ርእሲ ሰብኣይን ልቢ ሰበይትን

- **ሰብኣይ ካብ ርእሱ፡ ሰበይቲ ግና ካብ ልባ ትዛረብ**
- **ሰብኣይ ብርእሱ፡ ሰበይቲ ግና ብልባ ትሰምዕ**
- **ሰብኣይ ብርእሱ፣ ሰበይቲ ግና ብልባ ትሓስብ**

ብርዒ ቀሺ ዮናስ ወልደሩፋኤል

## 4 ምትእስሳር

**ንዝኾነ ዘረባ፣ እታ ሰበይቲ ምስ ህይወታ ከተተኣሳስሮ ከላ፣ ሰብኣይ ግን ምስ ካልእ'ዩ ዘተኣሳስሮ።** ዮሃንስ፡ ንሳራ ሰበይቱ፣ ”ናይ ሎሚ ኣመሻሽጣኽስ ኣይፈተኽዎን” እንተኢልዋ፡ ሳራ፡ ነታ ”ናይ ሎሚ” እትብል መግለጺ ኣይትሰምዓን'ያ። ነታ ” ኣመሽሽጣኺ ኣይፈተኽዎን” እትብል ቃል ግን ናብ ውሽጣ ተእትዋ'ሞ፡ ዮሃንስ ዝሃቦ ርእይቶ ድማ የቼጥዓ። እንተኾይኑላ፣ ክሳዕ ናብ እንዳ መሻጢት ከይዳ ነቲ ቐርጺ ንኽትቅይሮ ድማ ትህንደድ። ብኣንጻሩ ግና ሳራ ንዮሃንስ ”እዛ ናይ ሎሚ ዝተቐምቀምካያስ ኣይተጸብቐልካን'ያ” እንተኢላቶ ግን፡ ”እወ፣ እቲ ቀምቃማይ ኣይተበርሆን ኔሩ ሎሚ” ዝዓይነቱ መልሲ'ዩ ዝህባ። ነቲ ዝሃበቶ ርእይቶ ምስ ገዛእ ርእሱ ኣይተኣሳስሮን'ዩ። ስለዚ እምበኣር፣ ነዚ ፍልልያት እዚ'ውን ብምስትውዓል፡ ሰብኡት ነቲ ዘውጽእዎ ቃላት ክጥንቀቑሉ የድልዮም ማለት'ዩ።

## 5 ምዕላል

**ሰብኡት ምእማት ይፈትዉ፡ ኣንስቲ ግና ምድርጓሕ።** ሳራ ንዮሃንስ "ከመይ ወዒልካ?” ኢላ ምስ እትሓቶ፡ ”ኣምላኽ ይመስገን ጽቡቕ!” ኢሉ ጥራይ'ዩ ዝምልሰላ። ከምዚ ዓይነት መልሲ ግን ንትጽቢት ሳራ ከዕግቦ ኣይክእልን'ዩ። ድሌት ሳራስ ናይታ መዓልቲ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ከዕልላ እንተዝኽእል'ዩ። ባህርይ ኣተሓሳስባ ጓለንስተይቲ ከምኡ ስለዝኾነ ጥራይ እምበር፡ ክትቆጻጸሮ ስለዝደለየት'ውን ኣይኮነትን። ናይ ዮሃንስ ኣተሓሳስባ ድማ ጽቡቕ መዓልቲ ስለዝወዓለ፡ ሕጂ ንዕዑ ተመሊሱ "ከምዚ ኔሩ፡ ከምቲ ኔሩ" ምባል ትርጉም ዝህብ ኣይኮነን ዝብል'ዩ። "ዝኾነ ኮይኑ እታ መዓልቲ ብጽቡቕ ሓሊፋ ኣላ፡ ሕጂ ናይቲ ዝቕጽል ንሕሰብ" ዝብል ኣረኣእያ ድማ'ዩ ዘለዎ።

ዮሃንስ ሰብ ንድራር ዓዲሙ ከምዘሎ ንሳራ ነጊርዋ'ሎ ኢልና ኸኣ እስከ ንሕሰብ። ሳራ ደቂቕ ዝርዝራት ክትሓስብ'ያ። እንታይ ዓይነት መግቢ ከነዳሉ፡ ኣየኖት ቢያቲ ክንቅርብ፡ ነቲ መቐረቢ ጣውላ ከመይ ጌርና ከነማዕርጎ ኢና? እቲ ምንጻፍ ናይ ሳሎን ከ ክንቅይሮ ዶ ወዘተ? ዮሃንስ ግን እቶም ኣጋይሽ ምስ መጹ ከመይ ጌሩ ከስተናግዶም ከምዘለዎ ጥራይ'ዩ ዝሓስብ። እዚ ድማ ኣብ ናይ ተባዕታይን ኣንስታይን ዘሎ ናይ ኣተሓሳስባ ፍልልይ'ዩ ዘርእየና። ጋሻ ተቐቢልካ ንምፍናው፡ ወዲተባዕታይ ኣብ ናይ መንደቕ ርስሓት፡ ኣብ ቅርጺ መቐረቢ ጣውላ፡ ወዘተ ዝግደስ ኣይኮነን። ደቀንስትዮ ግን ኣብ ደቀቕቲ ዝርዝራት ኣዝየን ይግደሳ።

## 6 ምዕዳግ

**ኣብ ዓይነታዊ ነገራት፡ ኣንስቲ ይሰምያ ሰብኡት ግን ይሓስቡ።** ሳራን ዮሃንስን ኣቕሑ ገዛ ንምግዛእ እንተደለዩ ንኣብነት፡ ሳራ ንኹሉ እቲ ዘድሊ ዝርዝራት ክትዛረበሉ'ያ ትፈቱ። ዮሃንስ ግን ነቲ ዘለዎም ዓቕሚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነቲ ክገዝእዎ ዝኽእሉ ኣቕሓ ጥራይ'ዩ ክጠቅስ ዝደሊ። ስለዚ ዓቕሙ ርእዩ ንፍሪጅ ኣብቲ ዝርዝር እንተዘየስፈራ፡ ”ፍሪጅ ከምእተድልየና ጠፊኣቶ ማለት ድዩ” ኢላ እታ ሰበይቲ ክትኩሪ ትኽእል'ያ። ምኹራያ ዘስተብሃለ ሰብኣይ ድማ፡ ”ገንዘብ ዶ ከም ቆጽሊ ሸምጢጥካ ዝመጽእ መሲልዋ'ዩ” እናበለ ክጕረምርም ይኽእል። ከምዚ ዝዓይነቱ ዘይምርድዳእ ዝስዕብ እምበኣር፣ ንፍልልያት እቲ ናይ ባህርይ ኣተሓሳስባ ተባዕታይን ኣንስታይን ካብ ዘይምፍላጥ'ዩ። ጓለንስተይቲ፡ ኩሉ እቲ ንብረት፣ ይገዛእ ኣይገዛእ ብዘየገድስ፣ ከምዘድሊ ተፈሊጡ ግን ክስመ እያ ትደሊ። ወዲ ተባዕታይ ግን ብኣንጻሩ ኣብዚ እዋን'ዚ ክግዛእ ዘይክእል ኣቕሓ፡ ኣብቲ ዝርዝር ምእታዉ ትርጉም የብሉን ዝብል መረዳእታ'ዩ ዘለዎ። ሰብኡት ንቕሑ፣ ኣንስቲ'ውን ንቕሓ!

## 7 ምርኣይ

**ኣብ መንፈሳዊ ነገራት፡ ሰብኡት ኣብ ሽቶ የድህቡ፡ ኣንስቲ ግና ኣብ ኣገባብ እየን ዘድህባ።** ሰብኡት ኣብቲ ናይ መወዳእታ ዕላማ ከድህቡ ከለዉ፡ ደቀንስትዮ ግና ኣብቲ መዓልታዊ ንጥፈት'የን ዘድህባ። ዮሃንስ ብዛዕባ ናይ ሓዳሮም መንፈሳዊ ዕላማ ንሳራ ክነግራ ከሎ ንኣብነት፡ ዕላማ ሓዳሮም ቀረባ ኣምላኽ ንምኻን ከምዝኾነ ጥራይ'ዩ ክነግራ ዝኽእል። ሳራ ግና ነቲ ናይ መወዳእታ ዕላማ ዘይኮነ፡ ካብቲ ዘሎ ህልው ኩነታት ብምጋስ፡ ከመይ ጌርና ኢና ናብኡ ክንበጽሕ እንኽእል ዝብል ሕቶ'ያ ተልዕል። እዚ ድማ ኣንጻር ናይቲ ኣብ ግኡዝ ነገራት ዘለዎም ኣጠማምታ'ዩ። ኣብቲ ግኡዝ ነገራት ሰበይቲ እቲ ናይ መወዳእታ ክትበጽሖ እትደሊ (ይገዛእ ኣይገዛእ ኣብ ልብና ይጸንሕ ብምባል) ነቲ ናይ መወዳእታ ክትጥምት እንከላ፡ (ኩሉ ነቲ ሓዳር ዘድሊ ንብረት ይመዝገብ ዝብል መርገጺ ክህልዋ ከሎ) ሰብኣይ ግን ብኸመይ ኢና ናብኡ ንበጽሕ፡ (ሕጂ በዚ ዘለና ዓቕሚ ጥራይ ንበገስ) ዝብል'ዩ ዝሓስብ። ኣብዚ ናይ መንፈሳዊ ነገራት ግን ብኣንጻሩ ይኸውን ኣሎ ማለት'ዩ። ሰብኣይ ነቲ ናይ መወዳእታ ዕላማ ይርኢ፣ ሰበይቲ ኸኣ ነቲ ዘለውዎ መንፈሳዊ ደረጃ ጥራይ ትርኢ። ስለዚ እምበኣር፣ እቲ መንፈሳዊ ራእይ፡ እቲ ሰብኣይ ይርእዮ፡ ንትግባረ ብዝምልከት ግን ሰበይቲ ትሕንጽጾ ማለት'ዩ።

## 8 ግብረ-መልሲ

**ኣእምሮ ሰብኣይ ከም መጠርነፊ መዝገብ፡ ኣእምሮ ሰበይቲ ድማ ከም ኮምፒተር ክምሰል ይከኣል።** ኣብ ሓዳር ገለ ጸገም እንተጋጠመ፡ ሰብኣይ ካልእ ንጥፈታቱ ከይተዓናቐፈ፡ ነቲ ጸገም ብኸመይ ከምዝፈትሖ ጥራይ'ዩ ዝሓስብ። ሰበይቲ ግን ነቲ ዘጋጠመ ጸገም ከይፈትሐት ነጻ ክትከውን ኣይትኽእልን'ያ። ለይትን መዓልትን ዘይትድቅሰሉ ጉዳይ ድማ ምፍታሕ ናይቲ ጸገም'ዩ ዝኸውን።
መንደቕ ባኞ ምልቕላቕ የድልዮ'ሎ ንበል። ሳራ ንዮሃንስ እቲ መንደቕ ንኽልቕለቕ ምስ ሓበረቶ፡ ዮሃንስ ምቹእ ግዜ ኣብ ዝረኸበሉ ክገብሮ ምኳኑ ኣብ ርእሱ ኣስፈርዎ'ሎ። "ሕራይ" ብምባሉ ጥራይ፡ ሓደ መዓልቲ ከምዝገብሮ ድማ ርግጸኛ ስለዝኾነ፡ እቲ ናይ ምልቕላቕ ኣርእስቲ፡ ብወገን ዮሃንስ ዕጽው'ዩ። ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ግን፡ ሳራ ከም ብሓድሽ ”መዓስ ዲኻ ደኣ ክትልቕልቖ?” ብምባል ዳግም ትሓቶ። እቲ መንደቕ ምልቕላቕ የድልዮ ከምዘሎ ሓንሳእ ስለዝሓሰበት፡ ከይተለቕለቐ ኸኣ ኣእምሮኣ ክዓርፍ ስለዘይክእል'ዩ ደጋጊማ ትሓትት ዘላ። ዮሃንስ ቁሩብ ሕርቕ ኢሉ፡ ”ቁሩብ እባ ግዜ ሃብኒ፡ ኣይረሳዕክዎን'ኳ” ብምባል ይምልሰላ። ኣተሓሳስባ ሰብኣይ ከምዚ ምኳኑ እምብኣር፡ ሰበይቲ ክትፈልጥ የድልያ'ዩ። ብኣንጻሩ ኸኣ ሰብኣይ፡ ኣተሓሳስባ ሰበይቲ ድማ ከምኡ ምኳኑ ክስተውዕል የድልዮ። ከምዚ ምኳኑ እንተፈሊጦም ድማ እቲ ዝግባእ ሓልዮት ንኽርእዩን ንኽተሓጋገዙን ክድግፎም ይኽእል ማለት'ዩ።

ብርዒ ቀሺ ዮናስ ወልደሩፋኤል

## 9 መግለጺ መንነት

**ሰብኣይ ንስራሕ፡ ሰበይቲ ድማ ንገዛ ከም መግለጺ መንነቶም የንጸባርቕዎ።** ስራሕ ማለት ንሰብኣይ መግለጺ መንነት ማለት'ዩ። ሰበይቲ ግን ዋላ ብዙሕ ዓመታት ዝሰርሐት ትኹን፡ መንነታ ምስ ጽባቐ ቤታ እምበር ምስ ስራሓ ኣይተተኣሳሰሮን'ያ። ሰብኣይ ኣብ ቤቱ ተቐሚጡ እንከሎ'ውን ኩለንትናኡ ምስ ስራሑ'ዩ ዘተኣሳስሮ። ስሪሕካ ክትኣቱ ምኽኣል ማለት ድማ ንሰብኣይ ሓበኑ'ዩ። ስለዚ ሰበይቲ ንሰብኣይ ብስርሑ ክትመጽ ኣይግባእን። ንኣብነት "ነዚ ዘይጠቅም ስራሕ ሒዝካ ዲኻ..." እንተበለቶ፡ ሰብኣይ ንስርሑ ምስ መንነቱ ኣነጻጺሩ ስለ ዝርእዮ "ኣይትጠቅምን ኢኻ" ከምዝበለቶ ጌሩ'ዩ ዝርድኦ።

ብተመሳሳሊ ድማ ሰበይቲ ንቤታ ምስ መንነታ'ያ ኣነጻጺራ እትርእዮ። ስለዚ ድማ'የን ደቀንስትዮ ብዛዕባ ጽባቐ ገዛ ተገዲሰን ዝዓያ። ሰብኡት ደኣ ኣይርድኦምን'ዩ እምበር፡ ዝበለጸ ሳሎን፡ ዝበለጸ ምንጻፍ፡ በብዓይነቱ ምሩጻት ቢኬሪታት ወዘተ ኣብቲ ገዛ ክህሉ ዝመርጻሉ ምኽንያት፡ እተን ደቀንስትዮ፡ ነቲ ቤት ምስ መንነተን ኣነጻጺረን ስለዝርእዮኦ'ዩ። ሰበይቲ፣ ሳሎንና ሓድሽ መጋረጃ የድልዮ'ሎ እንተኢላ እምበኣር፡ ሰብኣይ፡ በተሓሳሰባኡ ጥራይ ክውስን ስለዘይግባእ፣ ንሓሳባታ ቆብ ኣቢሉ፣ ክርድኣ ክኽእል ኣለዎ።

## 10 መግለጺ ፍቕሪ

**ሰብኣይ ከም ገመል፡ ሰበይቲ ድማ ከም እራብ ክንምስሎም ንኽእል።** እራብ ንዓይኒ ማያት በብግዚኡ'ያ እትናፍቕ፡ ገመል ግና ሓንሳብ ማይ ምስ ሰተየ ነዊሕ ክጕዓዝ ይኽእል። ሰበይቲ ኣብ ህይወት በዓል ቤታ ኣገዳሲት ምዃና ብቓጻሊ ክትሰምዖ ትደሊ'ያ፡ ስለዚ ድማ ሰብኣያ ነዚ ነገር እዚ ክስተብህለሉ ይግባእ። "ትፈልጥ እንድያ" ክብል የብሉን። ደጋጊማ ክትሰምዖ እትደሊ ነገር ስለዝኾነ፡ ደጋጊሙ ከምዘፍቅራ ክሕብራ ሰናይ'ዩ። ሰብኣይ ግን ከም ሰበይቲ ከምዚ ቀጻሊ ምዝኽኻር ዝደሊ ኣይኮነን።
ሳሕቲ ድማ ሰብኣይ በይኑ ክኸውን ከምዝደሊ ኣንስቲ ክርድኣ ጽቡቕ'ዩ። ባህርይ ተፈጥሮ ኮይንዎ፡ ሰብኣይ ንበይኑ ክኾነሉ ዝደሊ ግዚያት ኣሎ። ሰበይቲ ነዚ እንተዘየስተብሃለት እምበኣር፡ ሰብኣያ ከምዝመነዋ ኮይኑ ክመስላ ይኽእል'ዩ። ስለዚ እምበኣር፣ ሰብኣይ ንበዓልቲ ቤቱ ከምዘፍቅራ ብቐጻሊ ክሕብራ ይግባእ። ሰበይቲ ድማ ባህርያ ሰብኣይ ፈሊጣ ብምስትውዓል ክትመላለስ ይግብኣ።

## 11 ነቐፌታ

**ሰበይቲ ንገዛእ ርእሳ፡ ሰብኣይ ግን ንኻልኦት ይነቕፉ።** መበገሲት ጸገም ንሳ ዘይኮነት ክንሳ'ኳ፡ ኣብ ሓዳር ገለ ጸገም እንተጋጠመ ግን፡ ሰበይቲ ንሳ ዝበደለት ኮይኑ'ዩ ዝስምዓ። "እንታይ ኮን ጌረዮ ይኸውን?" ኢላ ድማ ትሓስብ፡ ሰብኣይ ግን ከምኡ ኣይኮነን። ንኣብነት፡ ኣብ ሓዳር ገለ ጸገም እንተጓነፈ፡ ሰብኣይ ኣብ ክንዲ ገዛእ ርእሱ ዝምርምር፡ ነቲ ጸገም ናብታ ሰበይቲ ወይ ናብ ካልእ'ዩ ከላግቦ ዝፍትን። እዚ ፍልልይ እዚ ፍጹም ኣንጻር ከምዝኾነ ነስተብህል። ሰብኣይ ርእሱ ሓራ ከውጽእ'ዩ ዝጋደል፡ ሰበይቲ ግን ዋላ ብዘይወዓለቶ በደል'ውን ገዛእ ርእሳ ከም በዳሊት ጌራ'ያ ትቔጽራ፥ ብኸምዚ ድማ እታ ሰበይቲ ወትሩ ተሃስያ ትነብር። ስለዚ እምበኣር ቅድሚ ጸገም ምጕናፉ፣ ብዛዕባ'ዚ ፍልልያት'ዚ ፈሊጦም ክጸንሑን ኣድላዪ ምትዕርራይ ብምግባር ድማ መፍትሒ ክናድዩሉን ምእንቲ ሰብ ሓዳር ፍልልያቶም ከስተብህሉ ሰናይ እዩ።

## 12 ቀዋምነት ሓሳብ

**ሓሳብ ሰብኣይ ቀዋሚ፡ ሓሳብ ሰበይቲ ግና ተለዋዋጢ'ዩ።** ሰብኣይ ሓንሳብ ምስ ወሰነ፡ ናብ ድርቅና ገጹ ዝጽጋዕ ተሪር መርገጺ ኣለዎ። ሰበይቲ ግን ሓሳባ ንምልውዋጥ ዘጸግማ ኣይኮነን። ንኣብነት ሳራን ዮሃንስን ናብ ምብጻሕ ንምኻድ ክዳን ይቕይሩ ኣለዉ ንበል። ዮሃንስ ክዳኑ ጽሩይን ካራባታኡ ትኽ ዝበለን ክሳዕ ዝኾነ፡ ብዙሕ ዝግድሶ ኣይኮነን። ሳራ ግን ዳርጋ ንኹሉ ክዳውንታ'ያ እትፍትኖ፡ ነታ ሓንቲ ተኸዲና ተውጽኣ፡ ካልእ ድማ ትቕይር። ተመሊሳ ካልእ ትፍትን፡ ዮሃንስ ክሳዕ ዝስልቸዎ። እቲ ጸገም ካልእ ኮይኑ ኣይኮነን፡ ደቀንስትዮ መመሊሰን ሓሳበን ስለዝቕይራ ጥራይ'ዩ። ኣብቲ ካልእ ኩነት'ውን ከምኡ። ንኺድ ክትብል ጸኒሓ ንትረፍ እንተበለት፣ ተመሊሳ ኸኣ በል ሕጂ ንኺድ እንተበለቶ፣ ዮሃንስ ንሳራ ክርድኣ እዩ ዘለዎ። ሳራ ድማ ንባህርይ ዮሃንስ ኣብ ግምት ብምእታው ኣድላይ ለውጥታት ንምግባር ክትብገስ ይግብኣ።

## 13 ሕዉስ ምኻን

**ኣብ ምሕዋስ፡ ሰበይቲ ቀልጢፋ ትቕርብ፡ ሰብኣይ ግን ቀልጢፉ ኣይቀርብን።** እተን ብልበን ዝምርሓ ደቀንስትዮ፡ ኣገዳሲ ኮይኑ ኣብ ዝተሰምዐን ምስ ካልኦት ሕብረት ንምግባር ኣይድንጉያን'የን። እቶም ብርእሲ ዝምርሑ ሰብኡት ግን ኣድላይነቱ ንምግምጋም ግዜ ከይወሰዱ፣ ቀልጢፎም ሕውስ ኣይብሉን'ዮም። ሓንሳብ ምስ ለገቡ ግን ካብቲ ናይ ደቀንስትዮ ዘይሰንፍ ተሳታፍነትን ተገዳስነትን'ዮም ዘርእዩ። ነዚ ፍልልይ እዚ ድማ ሰብ ሓዳር ክርድእዎን ክፈልጥዎን ኣገዳሲ'ዩ።

### ኣስተብህል!

ኩሉ፣ ናይቲ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ዘሎ ሕቶታት
መልሲ፣ እቲ ቀዳማይ ኣማራጺ፣ ማለት ፊደል
"ሀ" ጥራይ እዩ።
ንዝኾነት ሕቶ "ለ" ኢልካ መሊስካ እንተለኻ
እምበኣር፣ ብመሰረት ናይ ዶክተር ማይልስ
ሙንሮ መግለጺ፣ ግጉይ መልሲ ስለዝኾነ፣ ነቲ
ሕቶ ተመሊስካ ረኣዮን ኣጽንዓዮን ኢኻ።
ስለዚ፣ እቲ ቕኑዕ መልሲ፣ ኩሉ እቲ ኣብ ፊደል
"ሀ" ዘሎ ጥራይ እዩ።

ብርዒ ቀሺ ዮናስ ወልደሩፋኤል

## 14 ምርሳዕ

**ሰበይቲ ኣይትርስዕን፡ ሰብኣይ ግን ምዝካር ይደሊ።** ኣእምሮ ሰብኣይ ከም መትሓዝ መዝገብ ፋይል'ዩ። ዳሕራይ ክገብሮ'የ ብምባል ንዝሰምዖ ሓበሬታ፡ ንዳሕራይ'ዩ ዘተሓሳልፎ፥ ስለዚ ድማ ምዝኽኻር ዘድልዮ ኮይኑ ንረኽቦ። ሰበይቲ ግን ዝበለቶ ይኹን ዝተባህለቶ ኣይትርስዕን'ያ። ስለዚ ሰብኡት፡ ሰበይቲ ከምዘይትርስዕ ዘኪሮም፡ ዝብልዎን ዝተባህልዎን ክስተብህሉ ኣገዳሲ'ዩ። ነቲ ኣብ መጽሓፍ ምሳሌ 15፡1 ዘሎ "ልኡም ምላሽ ንቑጥዓ የህድኦ፡ ተሪር ቃል ግና ኲራ የልዕል" ዝብል ክጥቀሙሉ ኸኣ ይግባእ። ኣንስቲ'ውን ነገራት እናዘከራ ቀ꯭ጡዓት ካብ ምዃን፡ ነቲ ሃዋርያ ጳውሎስ፡ "ፍቕሪ ኣይትምረርን፡ ኣይትቕየምን'ያ" ዝበሎ ክጥቀማሉ የድልየን'ዩ፡ 1ቈረ13፡5።

## 15 ዳግማይ ዘረባ

**ሰብኡት ርእሰ ነገር እምበር ዝርዝር ኣይዝክሩን፡ ኣንስቲ ግን ኩሉ ዝርዝር ይዝክራ።** ሰበይቲ ኩሉ ዝርዝር ስለእትዝክር፡ ንሰብኣያ ትማሊ ከምዚ ኢልካኒ ብምባል ኩሉ ዝርዝር ክትደግመሉ ትኽእል'ያ። ሰብኣይ ግን ንኹሉ እቲ ዝበሎ ስለዘይዝክር፡ ብዛዕባ ከምዚ ንዛረብ ስለዝነበርና፡ ከምዚ ክብል ስለዝደለኹ'የ ዝኸውን እናበለ ደኣ ከረድእ ይፍትን ይኸውን እምበር፣ ዝርዝራት ኣይዝክርን'ዩ። በዚ ዝተላዕለ ዘይምርድዳእ ክስዕብ ይኽእል'ዩ። ብዓቕልን ብምርድዳእን ጸገማቶም ክፈትሑ ክኽእሉ ምእንቲ እምበኣር፡ ሰብኣይን ሰበይትን ናይ ኣተሓሳስባኦም ባህርይ ከምዚ ምዃኑ ክፈልጥዎ ግቡእ'ዩ።

ኣብ መብዛሕትኡ ሓዳር ዘሎ ቈየቛ፡ "ኣይትርድኣንን ኢኻ፡ ከምዝኸማይ ዘይትኾኒ" ወዘተ ዝብል'ዩ። ባህርይ ኣፈጣጥራና ኮይኑ ግን ሓደ ዓይነት ባህርይ ክህልወና ኣይተኻእለን። ኣምላኽ ሰብኣይን ሰበይትን ጌሩ ስለዝፈጠረና፡ ፍልልያትና ኣሚንና ክንቅበል የድልየና። ስለቲ ዘሎና ናይ ባህርይ ፍልልይ ኸኣ ንኣምላኽ ከነመስግኖ ግቡእ'ዩ። ሓደ ዓይነት ባህርይን ኣተሓሳስባን ከምዘይብልና ንፍለጥ፡ ስለዚ ድማ ፍልልያትና ብሓጐስ ንቀበል።

> እግዚኣብሄር ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ እታ ብጸይትኻን ብዓልቲ ቓል ኪዳንካን ክነሳ ዝጠለምካያ ሰበይቲ ንእስነትካን ምስክር ስለ ዝኾነ… ምፍታሕን ንኺዳኑ ብዓመጽ ዚኸድኖን እጸልእ ኣሎኹ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል። ስለዚ ኸይትጠልሙ መንፈስኩም ሓልዉ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት
>
> ሚልክያስ 2.14-16

## ሰበይትኻ ዶ ኣዴኻ? ሰብኣይኪ ዶ ኣቦኺ?

ኣብ ሓዳር፣ ቀዳምነታት ምስራዕን ነየናይ ቅድሚ መን ትሰርዖ ምፍላጥን ነቲ ሓዳር ጥዕና ዝህቦ መሰረታዊ ነገር'ዩ። እቲ ቅደም ተኸተል እንሆልኩም፣-

1. እግዚኣብሄርን ናይ እግዚኣብሄር ዘበለን
2. መጻምድቲ-
3. ውሉድ
4. ስራሕ
5. ወለዲ
6. መቕርብ ቤተሰብ
7. ዓርከ መሓዛ

ንመን ነቕድም

ንወድኺ ልዕሊ በዓል ቤትኪ ተፍቅርዮ ዘለኺ ሰበይቲ፣ ተጋጊኺ ኢኺ ዘለኺ። ልዕሊ ዘረባ ሰበይትኻ ዘረባ ኣዴኻ ትሰምዕ ዘለኻ ሰብኣይ ድማ ትጋገ ኢኻ ዘለኻ። ንስኺ ቅድሚ ንበዓል ቤትኪ ደሓር ንውሉድኪ ኣፍቅሪ። ንስኻ ድማ ቅድሚ ንሰዓልቲ ቤትካ ድሕሪኡ ድማ ንወላዲትካ ስማዕ።

> ስለዚ ሰብኣይ ኣቦኡን ኣዲኡን ይሓድግ፡ ምስ ሰበይቱ ኸኣ ይጠብቕ። ሓደ ስጋ ድማ ይኾኑ። ዘፍጥረት 2. 24

### ብብዝሒ ፍትሕ ዝተፈልጣ ቀዳሞት 10 ሃገራት

መወከሲ www.divorce.com

1. ቤላሩስ 68%
2. ፈደረሽን ሩስያ 65%
3. ሽወደን 64%
4. ላቲቭያ 63%
5. ዩክሬይን 63%
6. ረፑብሊክ ቸክ 61%
7. በልጁም 56%
8. ፊንላንድ 56%
9. ሊትወንያ 55%
10. ዓባይ ብሪጣንያ53%

ኣንፈት ሃገርና ኸ?!

ብርዒ ቀሺ ዮናስ ወልደሩፋኤል

# ዝተመሳቐለ ቃላት

ንጐኒ፣ ንላዕሊ፣ ንታሕቲ፣ ንድሕሪት፣ ንቕድሚት ኮታ ናብ ዝኾነ ኣንፈት ጠዋዊኹም፣

1. ካብቶም ኣብ ገላትያ ምዕራፍ ሓሙሽተ ፍቕዲ 22 ተዘርዚሮም ዘለዉ 'ፍረታት መንፈስ ቅዱስ' ብውሑዱ ሰለስተ ርኸቡ
2. "ግናኸ ርእሲ ሰብኣይ ዘበለ ክርስቶስ፡ ርእሲ ሰበይቲ ኸኣ ሰብኣይ፡ ርእሲ ክርስቶስውን ኣምላኽ ከም ዝኾነ፡ ክትፈልጡ እፈቱ ኣሎኹ" (1ቈረ 11.3)። ካብ ዝብል ጥቕሲ፣ 'ኣምላኽ'፣ 'ክርስቶስ'፣ 'ሰብኣይ'፣ 'ሰበይቲ'፣ ዝብሉ ቃላት ኣመሳቒልካ ርኸብ
3. ብላዕሊ 'ኣምላኽ'፣ ብታሕቲ 'መውስቦ'፣ ብጸጋም 'ሰበይቲ'፣ ብየማን ድማ 'ሰብኣይ' ዝብሉ ቃላት ረኺብካ ኣስምረሎም፣ እቲ ዝተሰመረ፣ ቅርጺ መስቀል እንተሒዙ ተዓዊትካ ኣለኻ!

| | | | | | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ብ | ስ | ሕ | ሸ | ቅ | ደ | ኣ | ም | ላ | ኽ | ሕ | ያ | ዋ | ይ | እ | ዩ |
| ስ | ት | ዕ | ግ | ስ | ቲ | ም | ኢ | ስ | ላ | ያ | ፍ | ቾ | ሪ | ብ | ቿ |
| ራ | ብ | ዓ | ይ | መ | ሳ | ላ | የ | ቶ | ም | ው | ይ | ኣ | ኽ | ለ | ኒ |
| ት | ሕ | ት | ና | ቱ | ጊ | ኽ | ሱ | ስ | ኣ | ነ | ሓ | እ | ም | ነ | ት |
| ሰ | ላ | ም | ዝ | ዓ | ሰ | ሎ | ስ | ር | ዓ | ት | ይ | የ | ኣ | ብ | ሰ |
| በ | ዕ | ክ | ለ | ሊ | ዘ | ሎ | ክ | ክ | ው | ህ | በ | ታ | ት | ኣ | ብ |
| ይ | ላ | ዕ | ላ | ን | ቲ | ክ | ር | ስ | ቶ | ስ | ል | ኤ | ኑ | ማ | ኣ |
| ቲ | ይ | በ | ሰ | በ | ይ | ቲ | ስ | ሱ | ር | ብ | ዕ | ሪ | ል | ኻ | ይ |
| ዘ | ቤ | ት | መ | ል | ዕ | ል | ቶ | የ | ህ | ድ | ኣ | ት | ከ | ሪ | ማ |
| ላ | ት | ኒ | ኬ | ሊ | ቕ | ዓ | ስ | ኢ | ተ | መ | ስ | ገ | ን | ት | ለ |
| ቶ | ባ | እ | ብ | ዘ | ይ | መ | ው | ስ | ቦ | ም | ስ | መ | ር | ዓ | ት |




# 3 ብሂላት

1. "ብሰበይትኻዶ እሱር ኢኻ፧ ፍትሕ ኣይትድለ። ብሰበይትኻዶ ኣይተኣሰርካን፧ ሰበይቲ ኣይትድለ" ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ (1ቈረ7.27)

2. ❝ ብዘበልካ ኣቢልካ ተመርዖ ኢለ'የ ዝመኽረካ፣ ደገይና ሰበይቲ እንተረኺብካ ሕጉስ ህይወት ትመርሕ፣ እንተ ዘይረኺብካ ድማ ፈላስፋ ትኸውን❞

Socrates (469 BC - 399 BC) ግሪኻዊ ፈላስፋ

3. "ንእሽቶ መፍትሕ፣ ንኽንዲ እምባ ዝኸውን ማዕጾ ክትከፍቶ ትኽእል"

Charles Dickens

ኣብ ሓዳር፣ ክንዲ እምባ ዝኸውን ጸገም እንተጓነፈ'ውን፣ ንእሽቶ ተግባር'ያ ትፈትሖ። እታ ንእሽቶ ክንሳስ ዝዓበየ ጸገም ክትፈትሕ እትኽእል መፍትሕ ግንሲ ጸሎት ዶ ኾን ትኸውን? እስከ ተዘራረቡሉ።

21 ሰነ 2015

መዓልቲ ሰብ-ሓዳር

ብርዒ ቀሺ ዮናስ ወልደሩፋኤል

## ካብ መጽሓፍ

1

## "መልሲ ንሰብ-ሓዳር"

ንዳለይ ኣብ መበል ክንደይ ዕድሚኣ እዩ ብዛዕባ ጾታ ዝምልከት ክሕብራ ዘለኒ?

ዝተፈተኺ ቤትራይስ:-

እቲ ኣዝዩ ዘገድስ ዘይምድንጓይ እዩ። ጓል፣ ኣብ 10-12 ዕድሚኣ፣ ወዲ ኸኣ ኣብ 12-14 ዓመት ዕድሚኦም እዮም ናብ ደረጃ ጉብዝና ዝበጽሑ። ስለዚ ጓል 10 ዓመት ምስ ኮነት፣ ንጋልኪ ብዛዕባ ኣታ ዝምልከት መሰረታዊ ሓበሬታ ክምዝህልዋ ግበሪ።

ብዛዕባ ጾታ ዝምልከት ኩሉ ንገርያ ኣይኮንናን ንብለኪ ዘለና። እቲ ዝርዝር ሓበሬታ ኣብ ኣጋ ምምርዓዋ ክትመሃሮ ትኽእል እያ። 10 ዓመት ምስ መልኣት ግን ግብረ ስጋ ከመይ ጌሩ ናብ ጥንሲ ከም ዘምርሕ፣ ብቐሊል ኣብነት ሓብርያ። ትእዛዝ ኣምላኽ ከተኽብር ከምዘለዋ'ውን ንገርያ። ብሓጺሩ እቶም ክትዛረብሎም ዘለኪ ነገራት እዞም ዝስዕቡ ኪኾኑ ይኽእሉ።

ሀ. ኣብ እዋን ጉብዝና ኣብ ሰብነት ዝመጹ ለውጥታት፣ ደቀንስትዮ ብዛዕባ ብዛዕባ ወርሓዊ ጽግያት፣ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ብዛዕባ ብሕልሚ ዘጋጥም ምፍሳስ ዘርኢ ክመሃሩ ኣለዎም።

ለ. ንመርዓ፣ ግብረ ስጋን ጥንስን ዝምልከት፣ ሓጺር መብርሂ ጥራይ

ሐ. ዝኾነ ሰብ ኣብ እዋን ጉብዝና፣ ግብረ ስጋ ንምፍጻም ባህጊ ከምዝህልዎ፣ ብዛዕባ እዚ ኸኣ ክጭነቑ ከምዘይብሎም።

መ. ቅድሚ መርዓ ብግብረ ስጋ ምእንቲ ከይራኸቡ ንኣገዳስነት ምቍጽጻር ስምዒት ብዝምልከት

ሠ. ሳዕቤናት ዝሙት፣ ኣብ ጥዕናን መንፈሳውነትን፣ ጓህን ሓዘንን ጥራይ ዘኸትል ምዃኑ ኣነጺርካ ምርዳእ ይግባእ።

2

ኣነን በዓል ቤተይን ብስራሕ ጽሙዳት ኢና። 3 ቈልዑ'ውን ኣለዉና። .. ድሌት በዓል ቤተይ ከማልእ ከምዘለኒ ይርድኣኒ'ዩ፣ ይኹን እምበር ዕዮ ገዛ ወዳዲአ ናብ ዓራት ክድይብ ከለኹ ግን፣ ኣዝዩ ድኻም ይስምዓኒ'ሞ፣ ድቃስ ይጠልመኒ። እንታይ ትመኽሩኒ?

ዝተፈተኺ ሺርሊ:-

እቲ ክትገብርዮ ዝግብኣኪ ነገር እዚ እዩ። ንግብረ-ስጋ ዝኸውን ዝሓሸ ግዜ ምረጺ። ደኺምኪ ምስ ኣምሰኺ እቲ ዝበለጸ ግዜ ንሱ ኣይኮነን። ወትሩ ንገለ ነገራት ካብ ካልኦት ኣዕዚዝና ሓለፋታት ንህቦም ኢና። እቲ ሓለፋ እንህቦ ነገር፣ እቲ ዝበለጸ ክኸውን ከኣ ክንጥንቀቕ የድልየና። ግብረ-ስጋ ኣብ ሓዳር ካብ ዘለዉ ነገራት ሓደ ካብቶም ዝበለጹ እዩ፣ ስለዚ ድማ ግቡእ ግዜ ክስርዓሉ ይግባእ። ኣማራጺታት እነሆልኩም። ኣብ ክንዲ ኣብ ግዜ ድቃስ ብለይቲ ጥራይ፣ ኣብ ኣጋ ወጋሕታ'ውን ክኸውን ፈትንዎ። ምናልባሽ ሰንበት ድሕሪ ቀትሪ ኸ? ካብ ስራሕ ንገዛ እናኣተኺ'ውን ሓደ ሓደ ግዜ "ሎሚ ነቲ ዕዮ ገዛ ገዲፈ፣ ንበዓል ቤተይ ግዜ ክህቦ ኣለኒ እትብልሉ እዋን'ውን ይሃሉኺ።

ኣብታ ክምዚ እትውስንላ ምሸት፣ ቀልዑ ቀልጢፎም ክምዝድቅሱ ግበሪ። ነቲ ናይ ምጽርራይን ምስትራርን ነገር ረስዕዮ። ሰሓቢ ክዳን ለይቲ ተኸዲንኪ ኣብ ክፍሊ መደቀሲ እተዊ'ሞ፣ በቲ ዝጠዓመ ናይ ፍቕሪ ድምጽኺ ኸኣ ንበዓል ቤትኪ ጸውዕዮ። ብርግጽ መዓልቲ መዓልቲ ዕዮ ገዛ ክትገድፊ ማለት ኣይኮነን። ሓሓሊፍክሊ ከምኡ ክትገብሪ ግን ትኽእሊ ኢኺ። እረ ከምኡ ክትገብሪ'ውን እዩ ዝግብኣኪ። ምኽንያቱ ርክብ ግብረ-ስጋ ኣብ ሓዳር ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለዝኾነ።

**ኣብ ዓመት 2010 ተሓቲሙ ካብ ዝተዘርግሐ መጽሓፍ**

ብርዒ ቀሺ ዮናስ ወልደሩፋኤል




## መልሲ ንሰብ ሓዳር

እትብል መጽሓፍ ኣብ ኢ-መይልኩም ክስደደልኩም እንተደሊኹም ናብዚ ዝስዕብ ኢመይል ጽሒፍኩም ሕተቱ
fr.yonas@gmail.com
Facebook- Yonas Welderufael

## ገዛ ዝኣክል ኣሕሪርካስ፣ ትኪ ክትክውል ኣይትሕሰብ

ምስላ ጋንዳ፣ ኡጋንዳ

## መውስቦ ኣብ ኩሉ ክቡር ይኹን (ዕብራውያን 13፥4)

እቲ ካብ መጀመርያ ዝፈጠረ፣ ሰብኣይን ሰበይትን ጌሩ ምፍጣሩ፣ መውስቦ ኣብ ኣንጻር ጾታ ክኸውን ከምዝግብኦ፣ ዘየሻሙ ይገብሮ። ሰብኣይ ከም ምስ ሰበይቲ ምስ ሰብኣይ እንተደቀሰ እምበኣር፣ ብቛንቋ መጽሓፍ ቅዱስ፣ ክልቲኦም ነውሪ ስለዝገበሩ፣ ዘልኣለማዊ ሞት'ዩ ዝጽበዮም። (ዘሌ 20:13: ሮሜ 1:27 1ቈረ 6:9 ወዘተ) እግዚኣብሄር ንዘመውትን ንኣመንዝራታትን ከምዝቐጽኦም፣ ኣብ ብዙሕ ተገሊጹ'ሎ። ዘመውቲ ዝበሃሉ ካብ ሓዳር ወጻኢ ርክብ ዝገብሩ ክኾኑ ከለዉ፣ ኣመንዝራታት ዝበሃሉ ድማ ቅድሚ ሓዳር ርክብ ዝገብሩ እዮም። ስለዚ'ዩ ሃዋርያ ጳውሎስ 'ተመርዓው' ክብል ከሎ፣ "ካብ ምንዝርና ምእንቲ ክትሃድሙ" ዝብሎም። (1 ቈረ 7:1) ስለዚ ድማ'ዩ ነቢይ ሆሴዕ፣ ኣዋልድኩም መንዘራ ኢሉ፣ ነተን መርዑት ግን 'ዘመዋ' ዝብል (ሆሴእ 4:14)። መውስቦ እምበኣር፣ ብመርዓ ጥራይ'ዩ ዝእቶ። ሰብኣይ ንሰበይቱ ዝግብኣ ክገብረላ፣ ሰበይቲ'ውን ከምኡ ንሰብኣያ ክትገብረሉ ከምዝግባእ'ዩ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ዝምህር። (1ቈረ 7:3) ምፍታሕን ንኺዳኑ ብዓመጽ ዝኸደኖን ሰብ ግን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ተቐባልነት የብሉን፣ (ሚልክያስ 2:15)። ስለዚ'ዩ ጴጥሮስ: "ኣቱም ሰብኡት ጸሎትኩም ምእንቲ ከይዕገት ምስ ኣንስትኹም: በእምሮ ንበሩ፣ (1ጴጥ 3:7)ብምባል ዝጽሕፍ። ፍትሕ: ብሰሪ ትሪ ልቢ-ሰብ ዝኣተወ እምበር፣ ካብ መጀመርያ ከምዘይነበረ ኸኣ፣ ጐይታና ባዕሉ'ዩ ነጊሩና (ማቴ፣ 19:8) ሓዋርያ ጳውሎስ ከኣ፣ ካብ ጐይታ ዝተቐበልክዎ'ዩ ብምባል፣ "ሰበይቲ ኣይትፈታሕ ... ሰብኣይ'ውን ሰበይቱ ኣይፍታሕ ኢለ እእዝዝ ኣለኹ፣' በለ (1ቈረ 7: 10)

**ዕላማና እነነጽረላ ዓመት ይግበረልና!**

ብርዒ ቀሺ ዮናስ ወልደሩፋኤል